ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

9 ነሓሰ 2014 ዓ.ም.ግ.
15 ነሓሰ 2022 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2014-325

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገልግሎት ቤተክርስትያን (ቅዳሴ)፡

ናብ ኩሎም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡
ናብ ኩሎም ምእመናንን ምእመናትን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን፡

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ኩሉ ሥራሓትኩም ኣሳልጦን ግስጋሰን ንምነየልኩም።

ብምቕጻል ጽቡቕ ቅንያት ናይ ጾመ-ፍልሰታ እንዳ ተመነና፡ **ንሰኑይ ዕለት 16 ነሓሰ 2014 ግዕዝ (22 ነሓሰ 2022 ዓ.ም.ፈ.)** ብምኽንያት ዕርገት ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡ ቅዳሴ ተሰሪዑ ከም ዘሎ ክንሕብረኩም (ክነበስረኩም) ንደሊ።

**ናይ ኣገልግሎት ሰዓታት፥ ➔ ካብ ሰዓት 5:00 ወጋሕታ ጀሚሩ፡ ሰዓት 13:00 (ድሕሪ ቀትሪ) ይፍጸም።**

በዚ ኣጋጣሚ፡ ዋናታት ቤተክርስትያን ነዚ ኣገዳሲ ናይ ኣውዳኣመትና መዓልቲ፡ ናይ ቅዳሴ ኣገልግሎት ክንሰርዕ ስለዘፍቀዱልና፡ ምስጋናና ዕዙዝ ምኳኑ ካብ ልቢ ክንገልጽ ንፈቱ።

## መተሓሳሰቢ፥

1- ቅዳሴና ኣንጊሁ ጀሚሩ፡ መዓጹ ቤተክርስትያንና ሰዓት 13:00 (ድሕሪ ቀትሪ) ጠቕላላ ይዕጾ። ምስ ክህሉ ዝኽእል ቀጻሊ መደባት፡ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ብዙሕ ጠጠው ዝብል ሰብ ከይርከበና፡ ምስ ኣኽብሮት ክንሕብርን ክነተሓሳስብን ንደሊ።
2- ንዘይሰምዑ ክትሕብሩ ከኣ በዚ ኣጋጣሚ ምስ ኣኽብሮት ክነገንዝበኩምን ክንላበወኩምን ንፈቱ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኽልናን ይዓቅበልናን።

*ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**